# ሽሞንተ መጋቢት
# ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ

ብተስፋማርያም ሓጎስ

ሽሞንተ መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ክትመጽእ እንከላ ኣብ መላእ ዓለም ደቀንስትዮ ግዳይ ማሕበራውን ተባዕታውን ጸቕጢ ኮይነን ምጽንሐንን ገና ውን ኣብዚ ዓለምና ብምዕባለ ኣብ ኣዝዩ በሪኽ ቦታ በጺሓትሉ ዘላ እዋን ምህላወንን ዝያዳ የተሓሳስበካን የግርመልካን። ኣብ ዝኾነ ይኹን ሕብረተ ሰብ ጓለንስተይቲ መሰረት ህላወን ቀጻልነትን ናይቲ ሕብረተ ሰብ እንከላ ግዳይ ጸቕጥን ግፍዕን መከራን ምኳና እቲ ዘሕዝን እዩ። ጓለንስተይቲ ህይወት ትንፋስ ናይ ኩሉ እያ ንህይወት ኣብ ማህጸና ተዕቢ ትወልድ ትከናኽን ተዕቢ ፡ ነታ ስድራ ህይወት ፈጢራ ህያው ትገብራ ንሳ እያ።ልዕሊ ኹሉ ክትክበርን ክትፍቀርን ዝያዳ ክንክንን ፈልፋሊ ፍቕሪ ክልገሰላ ዝግብኣ ክነሱ ብኣንጻሩ ክትርገጽን ክትጭኮንን ግዳይ ሞትን ጭንቅን መከራን ኮይና ትርከብ ኣላ። እዚ ዓይነት እከይ ተግባራት ኣብ ደቂ ሰባት እምበር ኣብ ናይ ገዛ እንስሳ ይኹን ኣራዊት መሮር ኣይርአን እዩ። ብዕራይ ንላም ክወግእ ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን ተባዕታይ ደርሆ ውን ንኣንስተይቲ ደርሆ ክቶኽባ ርኢናን ሰሚዕናን ኣይንፈልጥን። ከልቢ እውን ኣንስተይቲ ምኳናን ዘይምኳናን ከየረጋገጸ ኣብ ምንካስ ኣይከይድን እዩ። ስለዚ ንደቂ ሰባት ምስቶም እንስሳ ዘቤትን ኣራዊት መሮርን ከነነጻጽሮም እንከሎና እቶም እንስሳ ኣዝዮም ዝበልሑን ዝማዕበሉን ኮይኖም ንረኽቦም።ኣብታ ህይወትን ሰራሒት ህይወትን ዝኾነት ኣንስተይቲ ዘለዎም ኣኽብሮትን ሓልዮትን ከኣ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ደቂ ሰባት ግን ኣብዚ መዳይ እዚ ኣዚና ትሕቲኦምን ድሑራትን ኢና።ነዛ ዘሎናያ ዓለም ኣብ ሕሉፍ ታሪኻ ይኹን ህሉው ታሪኻ ምስ እንዕዘባ ደቀንስትዮ ግዳይ ውግእን ግፍዕታት ውግእን ዓመጽን መቕዘፍትን ኮይነን ኢና እንርእየን ዘሎና። ኣብ ፈቖዶ ኵርንዓት ዓለም ቁሊሕ ምስ እንብል ከም ኣብ በዓል ፍልስጢኤም ዒራቕ ኣፍጋኒስታን ኮታ ክንደይ ኢልካ ክጽብጸብ ኣዴታት ብቦምባታት ጸላኢ ክልብለባን ክሕረዳን ክዕመጻን ስቓይ ዕሽላት ደቀን ክርእያን ኢና እንዕዘብ። ኣብ ኤርትራውያን እንተመጺእና ውን ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዝወረደን ዝነበረ ግፍዕን መከራን ዓመጽን ሎሚ ኣብ ግዜ ነጻነት ኮይንካ ክትዝክሮ ውን ከይተረፈ ማይ ገዲፉ ደም እዩ ዘንብዕ። ዓለምና መዓስ እያ ካብዚ ድሑርን ጽዩፍን ተግባራት እትገላገል ኢልና ምስ እንሓትትን ፡ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምልስ ኢልና ምስ እንውከስን እቲ ሓቀኛ መልሱ ክንረክብ ንኽእል።እወ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ካብታ ዝተመስረተትላ ዕለት ኣትሒዛ ኣብ መምርሒ ቃልሳ ዘስፈረቶ „ ደቀንስትዮ ፍርቂ ሕብረተሰብ እየን, ተባዕታውን ደርባውን ድርብ ጭቆና ዘለወን እየን ብዘይ ተሳታፍነተን ሰውራ ኣብ ዓወት ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ“ ኢሉ ኣብቲ ሰውራ ግቡእ ቦትአን ስለ ዘትሓዘን ንመጀምርያ ግዜ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰባት ናይዛ ንነብረላ ዓለም ፍሉይ ተኣምራታዊ ታሪኽ ተፈጺሙ። ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ትንፋስ ህይወት ናይቲ ሕብረተሰብ ምኳና ብግብሪ ኣረጋጊጻ፡ ንሰውራና ትንፋስ ኮይና ትንፋስ ፈጢራ ንቕድም ከም ዝስጉምን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ተቓጻሊ ነዳዲ ኮይና ህሙኽ ከም ዝብል ጌራቶ። እወ ንሳ እንድያ ኩነታት ጸንኪሩ መሬት ከም ኣፍ ዕንቁ እንተጸበበት ካብ መትከላ ነቕ ዘይትብል ዕጥቃ ዘይትፈትሕ ጥራይ ዘይኮነስ መመሊሳ ትተብዕን ትንድርን ንጸላእታ ከኣ ረመጽ ነስኒሳ እተሕርርን። ጅግና ተጋዳሊት ዋላ ውን ኣካላታ ብጥይት ጸላኢ ተበጃጂሉ ደማ ከም ማይ እናወሓዘ ኣጆኹም ኣጆና እቲ ሓቦኽ እቲ ስኒ ምንካስከ ዓወትና ናይ ግድን'ዩ ምባል እንተዘይኮይኑ ሓይ መዓስ ይወጻ!

ኣብ ውግእ መውጋእቲ ስንክልና ባህርያዊ ተርእዮ ከም ምዃኑ መጠን ጓል ኤርትራ ሰንኪለ ኢላ መዓስ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢላ ትውዕል፡ እወ ብጾላኢ ወለዶም ዝሰኣኑ፡ ደቂ ስዉኣት ደቂ ተጋደልቲ ኣብ ምእላይን ምሕብሓብን ንሰውራ ምግልጋልን እያ ግዜኣ እተሕልፎ። ኣብ ታሪኽ ሰውራታት ዓለም ከም በዓል ቬትናም ካምፖችያ ላቲን ኣሜሪካ እንተ ደኣ ርኢና ደቀንስትዮ ከም ኣብ ምግብናን ኣብ ውሱን ቦታ ሕክምና እንተዘይኮይኑ ከምዚ ናይ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ኣይተራእያን።ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሰላሳ ሚእታዊት ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት ደቀንስትዮ እየን ኔረን። ኣብ ትብዓትን ቆራጽነትን እንተመጺእና ዋላኳ ኩሉ ተጋዳይ ተባዕን ቆራጽን እንተኾነ ናይ ደቀንስትዮ ግን ኣዝዩ ፍልይ ዝበለ እዩ። ኣብ ጽንኩር ኩነታት ዘርባዕባዕን ቊልፊ ዘለቐ ምባልን ንቡር ተርእዮ እዩ ፡ እንተኾነ ዕጥቃ ፈቲሓ ንባዕዲ ሃገር ትኾብልል ወይ ውን ናብ ጸላኢ ኢዳ ትህብ ተጋዳሊት ህ.ግ. ግን ኣይረኣናን ኣይሰማዕናን ውን።ክርእ እንተ ኾይኑ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እዩ ዝርእ ኔሩ። ስለዚ እዛ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ንዝተበገሰትሉ ዕላማ ኣብ መፈጸምታ ንምብጻሕ ክዓግታ ዝኽእል መሰናኽል የለን፡ ንኹሉ ፈናጢሳቶ እያ እትኸይድ። ኣብ ሕምብርቲ ጸላኢ ኮይነን ሕምብርቲ ጸላኢ ዝቐደዳ ኤርትራውያን ኣዴታት እየን። ጸላኢ ውን እንተኾነ ድምጺ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ክሰምዕ እንከሎ ዝፈጥረሉ ራዕድን ፍርሕን ባዕሉ እንተድዛረብ ዝያዳ ሓቅነቱ ምደመቐ። ኣብ መዛግብቲ ታሪኽ ዓለምና ታሪኽ ጅግንነት ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ዝደመቐን ከም ወርቂ ዝተኾልዐን ኣብ ቀዳማይ ደረጃን ሒዙ እዩ ዝርከብ።ንታሪኽ ጅግንነት ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ከይከላለፈ ዝጽሕፍ ተራኺ እንተዝርከብ ሰማይ ወረቐት ማይ ውቅያኖስ ቀለም እንተዝኸውን ውን ኣይምኣኸሎን ። ኣብ ታሪኽ ሰውራና ብፍላይ ከኣ ኣብ ትሕቲ መሪሕ ውድብ ህ.ግ. ጓለንስተይቲ ትንፋስ ፡ ሓይሊ፡ ጽንዓት ፡ ተወፋይነት ፡ ኣፍራዪት፡ ወላዲት ዘማዲት ህይወት ከፊላ ህይወት ፈጢራ ሰውራ እተሰስን ኩሉ እያ። ንሳ ዘይብሉ ህይወት የላን ቀጻልነት ወለዶታትን ምዕባለን ዓወታትን የለዉን፡ ንሳ እንተላ ኩሉ ኣሎ። ቃልሲ ንነጻነት ኣብ ምዕራፉ ምስ በጽሐ እዛ ሓየት ዝዓጠቐቶ ብረት ኣብ ዛባን ኣፍራዛን ቀይራ ኣብ ምህናጽ ሃገር ኣብ ምኾስኳስ ስድራ ኣብ ምእላይ ደቃን መዓንጣኣ ሸጥ ኣቢላ እያ ንኹሉ ብሓባር ለይትን ቀትርን ኣስሚራ ክትሰርሕ ዝጀመረት። ነቶም ተረኪቢቲ ሃገርን ሕድርን ዝኾኑ ህጻናት ብግቡእ ተኸናኺናን መልሚላን ኣዕቢያ ንሃገር ኣወፍያ። እወ ንሳ እንተዘይትቃለስ ፡ እንተዘይተቃልስ፡ እንተዘይትፈርን ንዝፈረየቶም ከስኩሳ እንተዘይተዕብን እዛ ሎሚ ንርእያ ዘለና ተስፋ ናይ ኣፍሪቃ ዝኾነት ኤርትራ ኣይምሃለወትን።ሃማደኤ እምበኣር እዚ እዩ።ኣብዚ ብዶብ ኣሳቢብካ ንኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ካርታ ዓለም ንምሕካኽን ንኤርትራዊ ዘርኢ ንምጥፋእን ዝተኸፍተልና ዓለም ምልእቲ ኢዳ ዘእተወትሉ ዥናት እንተርኢና ውን ተራ ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ንኽትገልጸ ፍጹም ቃላት ኣይትረኽበሉን ኢኻ። ንመላእ ዓለም ዘገረመ ቅያ ጅግንነት ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኩሎም እቶም ንምጥፋእና ዝዓጠቑ ጸላእቲ ዓው ኢሎም ዝተዛረብሉ ሓቂ እዩ። ኣብ ደገ ዘሎ ኤርትራዊ ብሓፈሻ ደቀንስትዮ ከኣ ብፍላይ ዘርኣይኦ ተወፋይነት ዓለም ደዛረበ እዩ ኔሩ። እወ ኣብ ደገ ሃማደኤ ክበሃል እንከሎ ከም ኣምር ነጸብራቕ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ሃማደኤ ማለት እዩ። ብግቡእ'ዶ የንጸባርቕ ኣሎ ? ኣብ ደገ ዘሎ ሃማደኤ ዝያዳ ኹሉ ክስተብህለሉን ክጥንቀቐሉን ዘለዎ እቲ ዝግበር ቃልሲ ሓደ ጎድናዊ ጥራይ ከኸውን የብሉን። እዚ ማለት መንግስቲ ዝጠልቦ ናይ ገንዘብ ውጽኢት ድዩ ወይ ፕሮጀክት ኣብ ውሽጢ ሃገር ምትግባር ከምኡ ውን ወፈያን.... ወዘተ ዝኣመሰሉ ጥራይ ኣተኲርካ ምስራሕ ዘይኮነስ ካልኦት ንመጻኢ ነታ ሃገር ዝያዳ ኣድለይትን ዝኾኑ ብዙሓት ጉዳያት ኣለዉ። ኣብ ደገ ዝዓብዩ ዘለዉ ህጻናት ብቑጽሪ እንተመጺእና ውሑዳት ኣይኮኑን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። እቲ ዝነብርሉ ዓዲ ብትምህርቲ ተኾስኲሶም ክዓብዩን ንነብሶም ኮይኖም ንሃገሮም ክኾንሉ ዘኽእል ኣዝዩ ጥጡሕ ናይ ትምህርቲ ባይታ ዘለዎ ዓዲ እዩ።
ዝደለይዎ ዓይነት ትምህርቲ ሞያ ንኽመሃሩን ክቐስሙን ኣዝዩ ሰፊሕ ዕድል ኣሎ። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ መንገዲ ጥፍኣት ሒዞም ሸለው ክብሉ እቲ መንገድን ተኽእሎን ምብዝሑ ከም ዓይኒ ዓራት እዩ።

ስለዚ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ኣለዉ ? ነቲ ዘሎ ዕድላት ዝተጠቐሙሉ ክንደይ ሚእታዊት ኮን ይኾኑ ? ኣብ መንደልህጸ ኣትዮም ግዳይ ኣልኮልን ሓሽሽን ኮይኖም ዝሮምሮ ዝኾኑ መንእሰያት ክንደይ ሚእታዊት ኮን ይኾኑ ?
ከምቲ መንግስትና ዝብሎ ጥራይ ዘይኮነስ ዓለም ውን እትብሎ ርእሰ ማል ናይ ኤርትራ ህዝባ እዩ።
እወ መንእሰያት ኣብዚ መንገዲ ልምዓት ይኹን መንገዲ ጥፍኣት ከም ዓይኒ ዓራት ኣብ ዝበዝሖ ሃገር ፡ ደቅና ብግቡእ ተኾስኲሶም ብስነ ምግባር ክዓብዩን ክመሃሩን ጽባሕ ንነብሶም ኮይኖም ንኤርትራ ክኾኑ ኣቦን ኣደን ኣብ ሓንቲ መስመር ረጊጾም ጠመተኦም ወፍሮምን ኣብ ደቆም ምስ ዝገብሩ እዩ። ኣቦን ኣደን እንግድዓን ከብድን ዝኾነ ኣተሓሳስባ እንተመሪጾም ግን ነቶም ቆልዑ ዝሮምሮ ምእታውን ናብ መንገዲ ጥፍኣት ምምራሕን እዩ። እምበኣር ዕሽሽ ኢልካ ክሕለፍ ዘይግብኦ ፡ ኣብ ደገ ዝነብር ህዝብና ብዘይ ምግናን ካብ ዓሰርተ ሓዳር እቲ ሾሞንተ ዝተፋትሐ  እዩ። ከምቲ ልዕል ኢለ ዝጠቐስክዎ ናይ ስድራ ህይወትን ፈጣሪት ህይወትን ሓብሓቢት ህይወትን እታ ጓለንስተይቲ እያ፡ እዚ ዋላ ኣብ እንስሳ ውን ከምኡ እዩ። ንሳ እንተ ተበላሽያ ህይወት ናይ ብምልእታ እታ ስድራ ተበላሽያ ማለት እዩ። „ መላጸ እንተ ሓበጠ ፡ ዝሓበጠ ብምንታይ ይበጣሕ ? „
ሓዳር እንተተበቲኑ ከምቲ ለባማት ዝብልዎ „ ክልተ ሓራምዝ ምስ ዝበኣሱ ሳዕሪ ይህሰ“ ቆልዑ እዮም ዝህሰዩ። ሎሚ መጺኡ ጽባሕ ዝጠፍእ ገንዘብ ከፊልና ጽባሕ ንሃገር ዝሃንጹን ዘማዕብሉን መጻኢ ብሩህ ተስፋ ቆልዑ እንተ ኣጥፋእና ነታ ሃገር ሰፍ ዘይብልን ብቐሊሉ ዘይዕረ ዕንወትን ኢና ንፈጥር ዘሎና። ኣብ ፈቐዶ ከተማታት ብሰንኪ ምብትታን ስድራ ቤቶም ኣብ ዘይውዱቕ ዝወደቑ መንእሰያት ማእለያ የብሎምን። እተን ነጸብራቕ ናይተን ኣብ ዓለም መዳርግቲ ዘይርከበን ጀጋኑ ኤርትራውያን ኣዴታት ክኾና ዝግበአን ኣብ ደገ ዝነብራ ኣዴታት ሓዳረን በቲነን ቀይዲ በተኽ ብምኻን ገንዘብ ክኣርያን ብገንዘብን ወርቅን ክወዳደራ፡ ቆልዑ ተላጇን ተለቢኾርንን ስድሮኦም ኮይኖም ያዕ ዝብል ዘይብሎም ኣብ ክንዲ ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝሮትን ጸወታን ብምድሃብ ኣብ ሓዲግ ይወድቁ ኣለዉ። መሳኺን ቆልዑ መን እዩ ዝጣበቐሎም ? ንዐኣን'ከ ኣበየናይ ዳኛ ኢኻ ክትከሰን ? መን'ዩ'ሽ ክከሰን ? ኣብ ደገ ዘለዉ ወከልቲ መንግስቲ ውን እንተ ኾኑ ነቲ ንሳተን ኣብ ፈቐዶ በዓላት ዙርያ ተኸዲነን ዝገብርኦ ሆይሆይታ እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ንዝፍጸም በደል ዘስተብህልሉ ኣይመስሉን እዮም።እምበኣር ሃማደኤ ቅድሚ ኹሉ ንጉዳይ ናይ ቆልዑ ክሓስባሉን ክዛተያሉን ምተገብኣን።ኣብ ሰሚናራት ይኹን ኣብ ኣኼባታት ናይ ሃማደኤን ካልእ ግን ብዛዕባ እዞም ቆልዑ ኣፉ ከፈቱ ዝተዛረበ ሰብ ሰሚዕና ኣይንፈልጥን። እዚ ክብል እንከለኹ ኣብ ምብትታትን ሓዳር ንሳተን ጥራይ እየን ጠንቂ ማለተይ ኣይኮነን ደቂ ተባዕትዮ ውን ኣለዉ፡ ከምኡ ውን ስድረአን ደቀንን ብግቡእ እናኣለያ ንሃገረን ለይትን ቀትርን ኣስሚረን ድሰርሓ የለዋን ይብል የለኹን፡ ኣለዋን ፈረቓን። ንኹሉ ነገር ከዐርያ ምሉእ ተክእሎ ዘለወን ግን ንሳተን ስለ ዝኾና እየ።
ኣብ ዝኾነ ናይ ሃማደኤ በዓላት ኬድካ እቲ ጸጽቡቕ ሸነኹ ኣብ ቦትኡ ሃልዩ እቲ ጎሊሑ ዝረኣየካ ግን ናይ ኣዋርቕ ስልማት ብዝሕን ዓይነትን ናይ ዙርያን ጥልፍን ሽፎንን ውድድር ምርኢት ኤክስፖ ኮይኑ እዩ ዝረኣየካ።መን ክንደይ ኪሎ ወርቂ ተጠምጢማ መጺኣ ኣላ ! ኣነ'ሽ  ዝዓይነቱ እዩ ዝመስል። ኣብ ግዜ ቃልሲ ይኹን ኣብ ምምካት ወራር ወያነ እታ ሓየት እታ ጅግና ቆፎኣ ጓሕጒሓ ዘለዋ ነጊፋ ዘወፈየት፡ ንደቃ ኣጆኩም ነሕዋትኩም ኣርክብዎም ኣነ ከኣ ምሳኹም እግርእግርኹም ኣብ ዝኣተኹሞ ምሳኹም ኢላ ዝመረሸት ኣይንዝክራን ዲና! እወ ኩሉ ምስ ነገፈት እቲ ክሳብ ዕለተ ሞታ ካብ ክሳዳ ዘይወርድ ናይ ቃልኪዳን ስልማታ ቀንጢጣ ሃገረይ ስልማተይ ብምባል ዘወፈየት ጅግና ረሲዕናያ ዲና!
እታ ጅግና እዚ ኩሉ ጌራ ይኣኽለኒ መዓስ ኢላ „ መስዋእቲ ደቀይ ኣብ ነጻላይ ክቕበሎ እየ ኢላ እንድያ ምስኦም ዝጎየየት! እዚ ኩልና ብዓይንና ዝረኣናዮ ሓቂ እዩ። ኣብ ደገ ዝርከባ ሃማደኤ ውን ነዚ እየን ከንጸባርቓ ዝግብኣን ! ኣብ ደገ ዝርከባ ሃማደኤ ኣብ ሑጻ ዝተደኮነ ገዛ ኮይነን ከይተርፋ ወይ ውን ንዕላማን ራእይን ናይተን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዋያ ጀጋኑ ሓርበኛታት ሃማደኤ ዝዓናቕፍን ዘዕኑን ኮይነን ከይተርፋ ንዝረኣዩ

ጉድለታት ብኣጋ ብምእራም ነቲ ደቅና መጻኢና ዝብል ቅኑዕ መትከል ሃማደኤ ተኸቲለን ክሰርሓ ይግባእ። ኤውሮጳውያን ደቅና ክምዕብሉን ማዕረ ደቆም ተሰሪዖም ኣብ ዝብጻሕ ክበጽሑን ድሌቶምን ባህጎምን ኣይኮነን ፡ ደቅና ዝጽየቐሉን ሓዲገ መዲግ ዝተርፍሉን መንገዲ እንተረኺቦም ድሕር ኣይብሉን እዮም። ስለዚ ደቀንስትዮ ኣብ ኤውሮጳ መሰል ጓለንስተይቲ ሕሉው እዩ፡ ኣፍሪቃውያን ጨቆንቲ ደቀንስትዮ እዮም ፡ ኤውሮጳውያን ደሓን ይእተዉ ይተሓጋገዙናን ይተሓባበሩናን እዮም ብምባል ንተንኮሎም ከየስተብሃልክን ሓዳርክን ክትብትና ትርኣያ ዘለኽን ውሑዳት ኣይኮንክንን። ዓወትናን ውድቀትናን ኣብ ነብስና ዘይኮነ ንርእዮ ኣብ ደቅና እዩ። ኣብ ደቅና እንተኸሲርና ምሉእ ህይወትና ዝተጎዓዝናዮን ዝደኸምናዮን ከንቱ ኮይኑ ማለት እዩ። ምንባርና ብሓፈሽኡ ንብላሽ ኮይኑ ማለት እዩ። ዓወቱ ብመጠን ዘጥረዮ ሃብቲ ዝግምግም ደንቆሮ ጥራይ እዩ ፡ ካብ ጥፍኣት ውላድካ ዝዓቢ ውድቀት ከኣ የለን።ኣብ ቅድሚና ተገቲሮም ዘለዉ ግዳማዊ ተጻብኦታት ብግቡእ መኪትና ኣብቲ ክንበጽሖ እንደሊ ክንበጽሕ እንተደኣ ኮይንና መሳርዕና ኣደልዲልና ዕላማታትና ኣነጺርና ብተዓጻጻፍነት ክንሰርሕ ይግባኣና። ሃማደኤ ኣብዚ መዳይ እዚ እቲ ኣዝዩ ወሳኒ ተራ ክጻወታ ይግብአን። ሃገር ኣብ ምህናጽን ምሕብሓብ ስድራን ወሳኒ ተራ ክጻወታ ዝግብአን ጥራይ ዘይኮነስ እተን ዝሓየላ ውን ንሳተን እየን። ንሰን ዝኣጎድኦ ሓዊ ከጥፍኦ ዝኽእል ሓይሊ የለን ። ስለዚ ኣብ ደገ ዘለዋ ሃማደኤ ነተን ኣብ ውሽጢ ሃገር ፡ ንሃገር ብኹሉ መዳይ መቐነተን ሸጥ ኣቢለን ሃገር ኣውሒሰን ሃገር ዝሃንጻ ዘለዋ ኣብ ኣሰረን ረጊጸን ብግቡእ ክንጸባርቐአን ይግባእ። ጌጋታትካን ጉድለትካን ብጻዕዳ ዓለባ እናሸፋፈንካ ዝኸየድ ጉዕዞ ኣብ ዓወት ክበጽሕ ኣይክእልን እዩ፡ ብኣንጻሩ ኣብ ፍርቂ መንገዲ ከይበጽሐ ፈርከሽከሽ ኢሉ ይጠፍእ።

ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ እታ ኣደ እታ ሓርበኛ እታ ጅግና እታ ኣፍራዪት ፈራዪት ጻጋዪት ትንፋስ ህዝብን ሃገርን ኣጆኺ ቃልስኺ ቀጽልዮ ንሕና ኣሕዋትኪ ደቅኺ ትማልን ሎምኒ ጽባሕን ንዘለኣለምን ኣለና ኣብ ጎድንኺ።

ዓወት ንሃማደኤ
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!